## እታ ናይ ኩላትና ንኹላትና !
## ዝጽንዐት ማሕላ !

ዓወት  ንሓፋሽ !


እታ ማሕላ ፡ ንሳ እያ ሓንቲ
ካብ ኩሉ ፡ ዝጸንዐት ጽንዕቲ
ንሳ'ያ ማሕላ ፡ ሓድጊ ሰማእቲ !

ኣብ'ቲ ናይ ክሕደት ፡ ዝጸንከረ እዋን
ጸላኢ.ና'ውን ዝፈልጠ ፡ ከለና ህያውያን
ምንባርና ዝኸሓደ ፡ ናይ ሽርሒ ጠቢባን !

ተንኮል ተኣሊሙ ፡ ትንፋስ እንተመንጠለ
መኣስ'ሞ ርዒደ ፡ ወይ'ውን ተወላዊለ
ሻምላይ ኣልዒለ ፡ ንሙኺነይ ተውለ ፡

ስለዝነበረኒ ጽኑዕ ማሕላ ፡ ማሕላ ጽኑዕ ኪዳን
ንዝኣተኹዎ መብጽዓ ፡ ከይጠልም ኣብዝኾነ እዋን !

ማሕላ ነይሩኒ ፡ ማሕላ ናይ ብጾት
ማሕላ ተቐቢለ ፡ ማሕላ ናይ ትብዓት
ዝወደቐ ክተክል ፡ ዝነቐጸ ከለምልም
ንዝጸምአ ከርዊ ፡ ንዝጠመየ ክዕንግል ፡

ንዝተበደለ ክድብስ ፡ ንዝተጋገየ ክመልስ
ንብጻየይ ከፍቅር ፡ ንዝኸሓደ ክሳደድ
ዝመጸ እንተመጸ ፡ ከይበለኒ ድምብርጽ
ኣብ መትከለይ ጸኒዐ ፡ ሃገረይ ክሃንጽ ፡

እወ ! እታ ማሕላ ፡ ንሳ እያ ሓንቲ
ንትሕተ-ሃገራውነት ዝዘቖቐት ፡ በታ ጽባብ ሞኽባዕቲ
መትከላዊ ማሕላ ፡ ዝጸንዐት ጽንዕቲ
ማሕላ ሓወልቲ ፡ ውርሻ ሰማእቲ ፡

ለሚነ ዘይኮንኩስ ፡ ብነብሰይ ክሓድር
ርሃጻይ ዝፈሰሶ ፡ ብፍቕሪ ክድረር
ብመስዋእቲ ዝጠዋዐ ፡ ብኪነሚን ከይሓርር
ሓላፍነተይዩ ንዝዘንግዑ ፡ ማሕላና ከዘኻኽር ፡

ሕድሪ ሰማእቲ ፡ እናነበርኩ ከየዕብር
በቲ እናሃነጽኩ ፡ በቲ እከላኸል
በቲ ዕደናይ ይብርብር ፡ በቲ እመሃር
በቲ ይመክር ፡ በቲ ይመራመር
ዲጋታተይ ኣዋዲደ ፡ ማያተይ ይኹምር
ስለ ሃገረይ ! ድልዊ ንኹሉ ፡ ኣብዝኾነ እዋን ፡

እታ ማሕላ ! ንሳ'ያ ሓንቲ !
ማሕላ ! ዝጸንዐት ጽንዕቲ ፡ ማሕላ ሓድጊ ሰማእቲ ፡

ማሕላይ ግን ፡ ኩሉ ዓለም ይፍለጠ
ብገለ ህያብ'ውን ፡ ከምዘይልውጠ
እናሓረስኩ ፡ እሾኽይ ከምዝነቅስ ከም ወረጠ ፡

ዕግበታተይ ፡ ብማሕላይ እዩ ዝመልእ
ብትኳቦ ዘይኮነስ ፡ ብርሃጸይ'ዩ ዝመጽእ !

ሓቒ እንተዘይኮይኑ ፡ ሓሶት'ኳ ዘይኣመለይ
ኩሉ ግዜ ፡ ሓቒ'ዩ ዝደግም ቃለይ
ለውላው ኣይኮንኩን ፡ ልሳነይ ዝቀያይር
ለውሃተይ ግን ፡ ከይህልዎ ኣበር !

እምበር ! ይዛሪ ኣሎ ፡ እቲ ጽኑዕ ማሕላ
ወትሩ ዝውዕል ፡ ኣብ መዓላ !

ከውሒ ተነዲሉ ፡ ጽሩይ ማይ ፈልፊሉ
ዝባደመ ራሕሲ ፡ ተኾልኪሉ
ዓምቢቡ ኣጊጹ ፡ ንፍረ ምዒጉ
ቤ/ትምህርቲታት ፡ ጠቢባን መሪቑ ፡

እዛ ማሕላና ፡ ማሕላ ሓደ ረምታ
መንገዲ ፍቕሪ ፡ ማሕላ ሓደ ናዕታ
ማሕላ ምዑት ህዝቢ ፡ ሓድነት ዝቕናታ ፡

ነዛ ማሕላ ሓቒ ፡ ዓጢቕና ብመትከል
ተሰኪምና ንዘይከኣል ፡ ከቢድ ንዝበሃል
መጋርያ ሓዊ ሃምበል ፡ እናበለ ሃልሃል
ከም ወርቂ ኣብ መግሃር ፡ ተፈቲንና እንሰሓል ፡

ነዛ ማሕላ ዓጢቕና እንዲና ፡ ዝደየብና ዓቐበት
ወጋሕ ዘበልናዮ ፡ ነቲ ከውታ ብመስዋእትነት
ብተግባር ቅሰን ንበሎ ፡ ሰማእቲ ኣቦ ጅግንነት ፡

ሎሚ'ውን ኣይዞና ፡ ቃል ሕድሪ ተሰኪምና ክንዛዝሞ
ሕሉፍና ዝሰንደ ፡ ዛንታ ቅያ ውዕሎ
ከም ጥሙራት ማእዶ ፡ ቅልጽምና ነሰውዶ
ሓላፍነትና እዩ ፡ ከነሰግሮ ናብ ውሉድ ወለዶ

ንሱ እዩ እቲ ሃብቲ  ፡ ምፍጻም ባህጊ ሰማእቲ !!!

## ሓይልና ኣብ ሓድነትና !

ዘልኣለማዊ ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና !

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !

ተዳለወ ብመድሃኔ ተስፋኣለም ፡